# ሓቂ ካብ ሽወደን ከይወጸት
# ሓሶት ኣስመራን ኣዲስኣበባን በጺሓ።

ብዕለት 27 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ጐተንበርግ ሽወደን ንዝኸሪ ዕለተ ልደት ጋዘጠኛ ዳዊት ኢሳቕ፡ ብጋዘጠኛታት ሽወደን ተዳልዩ። ኣብዚ ዳዊት ኢሳቕ ኣብዘይብሉ ሕብስቲ ንመዘከርትኡ፡ ሽምዓ ንመገዲ ሓርነቱ ዝተወለዓሉ ምሸት፡ ገለ ካብ በተ ሰቡን ደቁን፡ ኣዕርኽቱ ሽወደናውያንን ተረኺቦም ነይሮም። ሓው ዳዊት ድርብ ዘግነት ሽወደንን ኤርትራን ዘሎዎ'ዩ። ኣብዚ ምሸት'ዚ እቶም ኩሉ ግዜ ካብ 2001 ዓ.ም.(መስከረም) ንኣፎም ኣንጸር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝኸፈቱ ንምህዳንን ምስላይን፡ ጹቡቕ ዕድል ኣሎና ኣብ ዝብሉሉ እዋን ግሁድ ባእሲ ዘልዕሉን ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ተረኺቦም ነይሮም። ኣነ ሓደ ካብቶም ተዛረብቲ ኮይነ ክርከብ ብኣዳለውቲ ተዓዲመ። ኣኼባ ምስ ተጀመረን ተዛረብቲ ርእይቶኦም ምስኣቕረቡ'የ ኣብቲ ቦታ ኣትየ። ኣብ ኣፍደገ ናይቲ ገዛ ክልተ ኣኽበርቲ ጸጥታ ተቐቢሎሙኒ። ምስኦም'ውን ሓንቲ ጋዘጠኛ። ኣብቲ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ኤርትራ ትሓተኒ ዝነበረት ህሞት  እዞም ዝበልኩዎም ኣኽበርቲ ጸጥታ ኣብ ዙርያይ ነይሮም። ከምዚ ዝኣመሰለ ስራሕ ክሰርሑ መን ሓላፍነት ከምዝሃቦምን ስለምንታይን ብርግጽ ኣይፈለጥኩን። ባህሪ ናይቲ ኣኼባ ብዛዕባ መንግስቲ ኤርትራ ኣሲርዎን ኣጥፊእዎን ዘሎ ስለዝኾነ፡ ብዛዕብኡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኣዳራሽ ትካል መንግስቲ ሽወደን ኣብ ዝተዳለወ ተማሳሳሊ ኣኼባ፡ ደገፍቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ብዝጀመርዎ ዕግርግር፡ ዋና ወካሊ ማዕከናት ዜና ሽወደን ተፈጊኡ ምንባሩን ዘኪረ። በዚ ምኽንያት ንሃለዋት ኣኽበርቲ ጸጥታ ንምርዱኡ ኣይጸገመንን።

ኣብቲ ተቐሪበ ዝነበረ ኮፍ መበሊ ምስ ተቐመጥኩ፡ መራሕ ኣኼባ ድሕሪ ገለ ደቓይቕ፡ ኣብ መስከረም 2001 ዓ.ም. ኣብ ኤርትራ እንታይ'ዩ ኣጋጢሙ ዝብል ሕቶ ኣቕሪቡለይ። ቅድመይ ዝነበሩ ተዛረብቲ እንታይ ርእይቶ ነይሩዎም ኣይሰማዕኩን። ደንጕየ ስለ ዝመጻእኩ። ርእይቶይ ብኸምዚ ዝስዕብ ዘርዚረ።

ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክእለትን ብቕዓትን መንግስቲ ኤሪትራ ኣብ ኩሉ ጐድንታት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዝተቀልዓሉ ኮይኑ፡ በዚ ምኽንያት ብዙሓት ንመሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሕቶ ኣእትዮሞ። 15 ኣባላት ባይቶ ቅሉዕ ደብዳበ ብምጽሓፍ ንድኽመቱ ነቒፎም። ብምፍላይ ብዛዕባ ኩናት ገምጋም ክግበር ሓቲቶም። ናይዚ ሳዕበን መልሲ ንሕቶኦም ኣብ ክንዲ ምርካብ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣትዮም። እቲ ማእሰርቲ ኣብ ጋዘጠኛታት'ውን ሊሒሙ። ሓደ ካብኦም ዳዊት ኢሳቕ። በዚ ጀመሩ ንኤርትራን ህዝባን ናብ ፖሊቲካ ገሃነብእሳት ኣሳጢሖዎ ኣሎ። ኤርትራ ብሰንኪ'ዚ ካብ ዓለም ተነጺላ ትርከብ። ብቐረባ ግን ብሰንኪ ምትኹታኽ ኩናት መንግስቲ ኤርትራ ኢትዮጵያን ሱዳንን የመንን ኣንጻሩ ሓደ ደንበ ኣቝመን ኣሎዋ። ኣብዚ እዋን'ዚ ዓርኪ ኢሳያስ ቓዛፊ ጥራይ ምኳኑ ኣብሪሀ። ህግደፋውያን ከተማ ጐተንበርግ ጺሒፎሞ ከምዘለዉ ዘይኮነስ ብኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ሓደጋ ከምዝኣተወ፡ ዓቃብ ሰላም 25 ኪሎመተር ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ምህላው ዝተንከፍኩ እመስለኒ። ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብኤርትራ ተጀሚሩ ዝብል ቃል ግን ኣየውጻእኩን።

ኣዚ ኩናት'ዚ ንኹሉ ናይ ሃገርና ፖሊቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ስነ-ኣእምራውን ኩነታት ብኣሉታ ዝጸለወ፡ ከምቲ ናይ የመን ኩናት ናይ ሓደ ሰብ ኩናት'ዩ ነይሩ። ኩናት ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ ኢሳያስ ኣፈወርቂ። ህላወ ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘእተወ ኩናት፡ ንክልተ ዓመታት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኣብቲ ሃገር ዝለዓለ ሓጋጊ ዝተባህለ ሃገራዊ ባይቶ'ኳ ንዓመትን ፈረቓን ከይተኣከበ'ዩ ሓሊፉ። ህዝቢ ግን ዋጋ ኩናት ከፊሉ። ኣብ ኩናት ከብጽሕ ዝኽኣለ ምዕባለታት ካብ ህዝቢ ተኸዊሉ'ዩ ነይሩ። ብፕረሲደንት ዝተዋህበ ዱንጉይ ሓበረታኽ ክሳብ ክንደይ ክእመን ይካኣል፣  እዚ ካብ ዘይተኻእለ ኩናት ብኸመይ ከምተጀመረ ጭቡጥ መረጋገጺ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ፕረሲደንት ኤርትራ ኣብ ኩናት ምስተኣትወ ንልማኖ ዕርቂ ሩዋንዳን ኣመሪካን ስለምንታይ ብኣጉኡ ዘይተቀበሎ ዝብሉ ሕቶታት ክስዕቡ ግድን ኣዩ። ብወገነይ ኣብቲ ኣዋን'ቲ

ዝነበረኒ ርእይቶ ክንወጽእ ኣሎና፣ ንመደብ ዕርቀም ክንቅበል ይሓይሽ፣ ምስ ክብረትና ክለና ንስማዓዮም ዝበሉ፣ ኝሹውንነት ክርእዩ ዝከኣሉ ኤርትራውያን፣ ከምኡ ኣይትበሉ ባድመ ብኹሉ ኤርትራዊ መሬትና ከምዝኾነ'ዩ ዝንገረሉን ዝእመነሉን። መሬትና ክንከላኸል ሕጋዊ'ዩ ብምባል ይኾልፍ ምንባረይ'የ ዝዝክር።

ድሕሪ ኩሉ ልማኖ ዲፕሎማሲ ምእባይ ግን፣ ሰራዊት ኤርትራ ንነብሱን መሬትን ምክልኻል ሲኢኑ፣ ካብ ሒዙዎ ዝነበረ ቦታታት ምስለቐቐ፣ ፕረሲደንት ኝኹሉ ዝተሓተትኩዎ ከማልእ'የ ብምባል፣ ደብዳቤታት ክጽሕፍ ምስጀመረ፣ ዕዉር እምነተይ ኣብኡ ተቓሊዑ። ሕማቕ መራሒ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይኸውን ምዃኑ ክርኢ ኪኢለ። መቀይሮ ፖሊቲካዊ ኣረኣእያይ ኣብ ገበናት ፕረሲደንት ኢሳያስን ምልካዊ ስርሑን፣ ሕጋዊ መራሒ ዘይምዃኑ ድኣምበር፣ ከምቲ ህግደፋውያን ጐተንበርግ ዝጸሓፉዎ ጽዩፍ ጽሓፍ " ምንእኣስ ህዝቢ ኤርትራ " ዝዓለመ ዘረባ ኣይገበርኩን።

ኣብዚ ወሲኸ ክጥቀስ ዘደልዮ፣ ህ.ግ.ደ.ፍን መንግስቲ ኢርትራን ካብ ግዜ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣትሒዙን ድሕሪ ነጻነትን ንዝተኣትወ መብጽዓን መሰረታዊ መሰላት ህዝቢ ዝጠለመ'ዩ።

-- ብመሰረት ዝጸደቐ ሃገራዊ ቅዋም፣ ህዝቢ ብመገዲ ወከልቱ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ከይምስረትን ኣብ መሰረታዊ ፖሊቲካዊ ሂወት ሃገሩ ድምጺ ከይህልዎን ደሞክራስያዊ መድረኽ ዝዓጸወ፣ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ርዒዱን ተሸቚሪሩን ንክነብር ዝፈረደ ጸቓጢ ስርዓት ምዃኑ፣-

-- ህዝቢ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ቅዋም፣ ፖሊቲካዊ ነጻነት ረኺቡ ዝመረጾ ፖሊቲካዊ ኣረኣእያን እምነትን ከይህልዎ፣ ፖሊቲካዊ ሰልፍታት ተመስሪተን ኣብኣን ተወዲቡ ከይነጥፍ፣ ኣብ ክንድዚ ናይ ሓደ ፖሊቲካዊ ኣረኣእያ ዕብለላን ምብሓት ስልጣንን ክዉን ገይሩ ዘሎ ምልካዊ (ዲክታቶራዊ)፣-

-- ህዝቢ ኤርትራ፣ ምዕቡል ባህሊ፣ ብሱል ፖሊቲካዊ ኣረኣእያን ኣብ ቃልሲ ዝተፈተነን ተረጋገጸን ሓድነት ዘሎዎ'ዩ ይብል ከምዘይነበረ፣ ኣብ ቀቢላን ወገንን ካልእ ድሑር ኣተሓሳስባትን ተጎኛጂሉ'ዩ ብዝብል ምስምሳት፣ ምስረታ ቅዋማዊ መንግስትን ፖሊቲካዊ ሰልፍታትን ምእጋዱ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንዕቀት ዘለዎ መራሒ መንግስቲ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ትካላቱን ድኣ'ምበር ኣነ ወይ ኩሎም ደለይቲ ዲሞክራሲ ኣይኮናን።

ህግደፋውያን ጐተንበርግ ግን፣ ከም መራሕቶም ንዝተጠቕሰ ደሞክራስያዊ መስርሕ ፖሊቲካ ንምዕባስ፣ ሕጋዊ ብህዝቢ ዝተመርጸ መንግስቲ ኪመጽእ ግዜኡ ኣይኮነን ብምባል ከም ብዕሪር ዝሕደኹዋ ዶብና ከይተሓንጸጸ ትብል ኣርእስቲ ተሪፋቶም ኣላ። ኣብዛ ናይ ጐተንበርግ ኣኼባ'ውን ተላዒላ ነይራ። ብወገነይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብግብሪ ክቕበሎ ኣሎዎ ኣብ ርእሲ ምባል፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ እዚ ዘይምግባሩ ብኢድ ኣዙር ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ስልጣን ክጸንሕን፣ ንህዝቢ ኤርትራ ሽግሩ የናውሕን ኣሎ ኢለ።

ብዛዕባ ሒዘዮ ዝነበርኩ ኣርእስቲ " ምዝንባለይ " ህግደፋውያን ጐተንበርግ፣ ብዙሓትዮም ነይሮም። ኣነ ዘለለኹዎ ተቓዋሚ ሰብ ኣብቲ ገዛ ኣይነበረን። ብዘይ ወስ ወስ ስነ-ስርዓት ገይሮም'ዮም ኮፍ ኢሎም ነይሮም። ንርእይቶይ ንምቅዋም ሓደ ካብኦም፣ " ንሸኻ ኢኻ ዲክተይተር እዚ ኢንትግራሾን ቨርከት ይፈልጡዎ'ዮም " ኢሉኒ። ኢንተርግራሽን ቨርከት (መንግስታዊ ናይ ውህደት በዓል ስልጣን ማለት'ዩ)። ነዚ ክምልሸሉ መራሕ ኣኼባ ኣመልኪቱለይ። መልሰይ መን'ዩ ዲክተይተር ታሪኽ ክርእየና'ዩ ብምባል ምልካውነት መንግስቲ ኤርትራን፣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ገሃነብ የንብሮ ምህላዉን ገሊጸ። ዕላማ ናይቲ ርእይቶ ዝሃበ ሰብ ካብቲ ዝነበረ ኣራእስቲ ከውጽኣኒ ዝፈተነ እመስለኒ። ብወገነይ ግን ኣብ ሃገረ ሽወደን ንዲክታተርነት ዘፍቅድን ዘስፍንን ስርዓት ስለዘየለ፣ ንዘየለን ዘይግበርን ዝኸፈቶ ኣርእስቲ ቦታ ክህቦ ኣይደለኹን።

**ህግደፋውያን ጐተምበርግ፣ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን እዋንን ካብ ቍዋምን ሕግን ማሕበር ወጺኦም፥ ዝገብሩዎ ዕግርግርን ሆይሆይታን ብትዕግስትን ጥበብን ክንሓልፎ ዘጽንሕና ኰነታት ከኣ ንክብሪ ዲሞክራስን ሕግን፥ ሕብረተ ሰብ ሽወደን'ዩ። ዲሞክራሲ መሪር'ዩ። ንምረቱ ተማእዚዞም ዝሸኑ ከኣ'ዮም ዲሞክራስያውያን ዝበሃሉ። ንሽኻትኩም ግን ነቲ ኣብ ኤርትራ ንኩሉ ርእይቶ ጨፍሊቑን ቀፊዱን ዝገዝእ ስርዓት፥ ኣምባሳደራት ኮንኩም ትንቀሳቃሱ ኣለኹም። ኣብዚ ዓሚቝ ዲሞክራስያዊ ባህሊ ዘሎዎ ሃገረ ሽወደን ኮንኩም እትገብሩዎ ጽርፍን ታህዲድን፥ ሓሓሊፉ ዝረኣ ወስታታትን፥ ዝበዝሕ ኣብ ሽወደን ዝርከብ ኢሪትራዊ ጕልባቡ ቀሊዑ፥ ድምጹን ምሕዝነቱን ምስ ዉጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ዘርኢ፥ ክንጽመምን ክንዕገስን ኢና። ሓሶትኩምን ስለያዊ ሓበረታኹምን ድሮ ኣስመራን ኣዲስኣበባን ከም ዝበጽሐ ይርዳእ'የ።**

**ውድቀት ንመራሕቲ ሽበራ**
**ቅሳነትን ሰላምን ንህዝቢ ኤርትራ**
**ረዘነ ተስፋጽዮን ሽወደን**

**24/11/2004**